# Scarico 2 ስካሪኮ

እቲ`ኦም ኣበይ ከይዶም`ዮም እዚ`ኦም ዝዕንድሩ

ብ ኣወልኬር ዓ/ሓፊዝ

ኣብ 1ይ ፊርቂ 70ታት ናይ`ቲ ዝሓለፈ ክፍለ ዘመን ካብ ዝተፈጸመ ስልጡንን ፤ ነቲ ኣብ ስካሪኮ ኮንካ ዝጽሕተር ፤ንሓድሽ ወለዶ ኣብ ክንዲ ካብ ኣቦታቱ ዝሰልጠነ ዝኸውን ዝደሓረ ንኸውን ዝገብር፤ኣሕፋርን ኣዚዩ ድሑርን ሸፈንያዊ ዕንደራ እትብድህ ብኣካል ዝተሳተፍኩዋ ፍጻመ ክዝክረልኩም`የ።

ኣብ`ታ ፍጻመ ተሳተፍቲ፡-

1- ዕድመኦም ኣብ ቀዳማይ መሰልል 20ታት፤ ናይ ኣድስ ኣበባ ዩኒቨርስቲ ተማሃሮ፤ ኣባላት ክበብ ኮኾብ ጽባሕ (Morning Star Club) YMCA መንእስያት ደቂ ተባዕትዮ ክርስትያናዊ ማሕበር (ኣስመራ)
2- ዕድመኦም ኣብ መንጎ 30ን 40ን ነይሮም ክኾኑ ዝኽእሉ መምህር ዒሳ ዳይረክተር ቤት ትምህርት እስላማዊ ግብረ ሰናይ (እስላሚያ ወይ ፖነቨለንቲ )ተባሂሉ ዝፍለጥ ማእከላይ ደረጃ (ኣስመራ)
3- ኣነ ዘለኹዎም ዕድመኦም ካብ 13 ክሳብ 15 ዓመት ክኸውን ዝኽእል ተማሃሮ ኣስላሚያ/ፖነቨለንቲ እዮም።

ኣብ ክፍሊ መምህር ክመጹ እናተጸበና መምህር ዒሳ (ዳይረክተር) ምስኦም 2 ድዮም3 ኣጋይሽ መንእሰያት ኣኸቲሎም ንኽፍልና ኣተዉ፤ መን ምኺኖም ምስተነግረና፤ እቶም ኣባላት ክበብ ኮኾብ ጽባሕ ኣብ መንእሰያት ደቂ ተባዕትዮ ክርስትያናዊ ማሕበር ዝኾኑ መንእሰያት፤ YMCA ናይ ክርስትያን ጥራሕ ዘይምኺኑ ብዘስምዕ መግለጽታት ኣቢሎም ንክበቦም ኮኾብ ጽባሕ ክንጽንበር ዓደሙና ።

ንዕድምኦም ዝተቀበልና ውሑዳት ኣይነበርናን። መምህር ዒሳን እዞም መንእስያትን ቅድሚ ናባና ምምጸኦም እንታይ ምርድዳእ ጌሮም ክትግምት ዘሸግር ነይሩ ክኸውን ይኽእል። ኣብቲ ግዜ`ቲ ማለተይ`ዩ። ድሕሪ`ዚ ፍጻመ 4 ሓሙሽተ ዓመታት ምስ ክቡር ዳይረክተር ቤት ትምህርተይ መም/ ዒሳ ከም ተጋደልቲ ኣብ ሜዳ ምርኻብና ነቲ ምግማቱ ኣሸጊሩዝነበረ ርግጽ ይገብሮ። ሃገርነት።ጭውነት።ስልጣኔ።

YMCA ሃይማኖት ሓዘል ማሕበር ኣይነበረን ምባል ዘይከኣል`ዩ፤ ብዓብዩ ከኣ ነቲ ክርስትያን መንእስይ ካብ ፖለትካ ንምርሓቁ ዝኣመተ ማሕበር`ዩ ነይሩ፤ ክሳብ ካብ ቃኘው ኣስልጠንቲ ናይ ስፖርቲ ከተምጽእ ቀሊል ጉዳይ`ዩ ነይሩ።

ናይ 60ታት 70ታት መንእሰያት ግና ዝኣክል ንቕሓትን ምብልሓትን ስለ ዝነበሮም ... ንምሕጻር ዝኣክል፡-

- ነዚ ማሓበር ብናቶም መደብ ከም ዝምራሕ ምግባር፤ ንኣብነት ነቲ ንዓና (መንእሰያት ኣስላም) ነቲ ማሕበር ከም ንዝጽበሮ ምግባሮም ።
- ኣብ YMCA ዝኾነ ኣኼባ ብጸሎት ኣቡነ ዘሰማያት ደግምካ`ዩ ዝኽፈት፡ እቲ ክለብ ንሕና ምስ ተጸንበርናዮ ግና እቲ ኣቦ ወንበር ክርስትያን እንተኾይኑ ኣቡነ ዘሰማት ኣስላማይ እንተኾይኑ ኸኣ ብ ኣልፋቲሓ ይጅምሮ
- ኣብ ኩሉ ኣኼባታትና ብጉዳይ ሃገር ኢና ንዛተ ኣብቲ ንምምሕዳር ዝወሃብ ጸብጻብ ከኣ ሃስያ ሽጋራ ...................... ወዘተ ተባሂሉ ይጸሓፍ ነይሩ።
- ኣብታ ክለብ ፍርቅና ተጋድሎ ሓርነት ፍርቅና ኸኣ ህዝባዊ ሓይልታት ኢና ነርና፤ ሆ ! ንበሃል ግና ኣዕሩኽ ብሓደ በሳጆ ንወጽእ ንከባበር፡ ብፍልልያትና ንጻላእ ኣይነበርናን ! !
- ንደቂ እዚኦም ካብ ስካሪኮ ኣሪኻ ዓጽምኹም`ዶ መዝሙርኩም`ዶ ነጻላኹም`ዶ መንደፍኩም`ዶ እንዳበልካ ናብ ሓማም ሸቨኒዝም ምምራሕ ናይ ገበን ገበን`ዩ። ደሓር ከኣ ኣእምሮ መንእሰያትና እፍሊ ድሑራት ዝዕንድርሉስ ኣበይ ምስከድና`ዩ ! ! ስካሪኮ AAHafiz (211) 12/02/17
-